ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

# ትምህርቲ ቋንቋ ብሊን (ብሌን) ብግእዝ ማሕረ ዶ?

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ዝሓለፈ ቀዳም 25 መስከረም 2010 ኣብ ዝወጽኣት ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ብዛዕባ ኩነታት ትምህርቲ ብቋንቋ ኣደ ብሊን (ብሌን) ናይ ዝምልከት ጽሑፍ ቀዳማይ ክፋል መጺኡ ነይሩ። ትሕዝቶ ናይቲ ጽሑፍ፡ ኣብ ናይ መባእታ ደረጃ፡ ኣብ ኩለን ብሄራት ትምህርቲ ብቋንቋ ኣደ ክምዝዋሃብ ምግባር ንተማህሮ ንምዕባለን'ቲ ቋንቋታትን ዝሕግዝ መንግስቲ ዝኸፈቶ ዓቢ ዕድል፡ ፍረ ናጽነት ምዃኑ፣ ይኹን እምበር፡ 'ትምህርቲ ብናይ ፊደል' ዝብል፡ ደገምካ ምርኣይ ዝሓትት ምዃኑ፣ ብቋንቋ ኣደ ምምሃር ዓቢ ብልጫ ከይኑ፥ ብላቲናዊ ፊደል ምዃኑ ግን ሃሲያ የስዕብ ከምዝሎ ተገሊጹ።

መንግስቲ ንኹለን ቋንቋታት ማዕረ ዕድል ከፊቱ፡ 'እንሆ ፈረስ እንሆ ጎልጎል' ይብል ከምዝሎ፡ ሰራሕካ ብትምህርቲ ዝማዕበሉ ሃገራውያን ዜጋታት ምፍራይ'ውን ብእኡ እቢልካ ንቋንቋኻን ባህልኻን ምምዕባልን ምዕቃብን ድማ፡ ግደ ናይቶም ተዛረብቲ ናይተን ቋንቋታት ብፍላይ፥ መላእ ሕብረተሰብ ድማ ብሓፈሻ ምዃኑ ተኸቲቲልና። መምሃሪ ፊደል ላቲን ብምዃኑ፥ ገለ ብልጫታት ክህልዎ ከምዝኽእል፡ ይኹን እምበር ደቂቕ መጽናዕትን ገምጋምን ብዘይምክያዱ ይስጉም ኣሎ ጥራሕ እናተባህለ ብፍላይ ንተማህሮ ብኣሉታ ክጸልዎም ከምዝጸንሐ ተገሊጹ።

ትምህርቲ ቋንቋ ብሊን ብላቲን ምዃኑ ሃሲያ ከምዝለዎን ዘየስርሕ ስለዝኾነ ድማ ኣብያተ ትምህርቲ ዘኽቲመን ኣብ ናይ ምዕጻው ደረጃ (ጼሓን ከምዝለዋ'ውን ብኣብነታት ተሰንዩ ቀሪቡ። ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ድማ እንሆ፦

****0****

ካልእ ኣብነት፡ ኣብ ጋዜጣ'ውን ተጠቒሱ ከምዝሰበረ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ገለ ውሑዳት ተመሃሮ ግዜኦም ብምዝኑእ ዘይጥቀሙ፣ ዕድመኦም ኣብ ዘፍቅደሎም ደረጃ ትምህርቲ ንዓመታት እናደጋገሙ ብናይ ጽባሕ ዕድሎም ዝጣልዑን ንካልኦት ብኣሉታ ዝጸልውን ተራእዮም ኢዮም። ዚደሊ ስጉምቲ ዝተወሰደሉ ግዜ'ውን ኣሎ። ንገለ ተመሃሮ ግን ብፍላይ ኑቶም ናይ ሕጂ ቋንቋኦም ትግርኛ፡ መበቈሎም ግን ብሊን ዝኾኑ ትምህርቲ ላቲን ስለዘይንኮዮም ንድሕሪት ተትቲዮም እዚ ዝተጠቕሰ ጸገማት ኪጋጥሞም ጸኒሑ።

ኣብ ሳዋ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ክዛዝሙ ኣብ ዝወርዱ ተመሃሮ ዝረአ ጸገማት እውን ኣሎ። ተመሃሮን መምህራንን ዝዘረቡሉ፥ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዘጋጥሞዩ። ናይ ሃገርና ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ኣብቲ ወርቃዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ገድሉን ተመርኲሱ ኢዩ ዝዋሃብ። እዞም ተመሃሮ ግን ኑቲ ብግእዝ ዝተጻሕፈ ሕሉፍ ታሪኽ ከውትኩ ኣይክእሉን። ስለዚ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ፥ ብፍላይ ድማ ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፣ ማዕረ ካልኦት ከይስጉሙ የጸግሞም ኣሎ። እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ብግእዝ ክጽሕፉ ስለዘይክእሉ፥ ኣብ ግዜ ፈተና ሓሳቦም ኣብ ወረቐት ኣስፊሮም ንመምህር ከረክቡ ይኽእሉ የለውን።

ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝጽበር ዘሎ መደባት ሓፈሻዊ ፍልጠት'ውን እዚ ጸገማት'ዚ ጕሲሑ ከምዝረአ ኣስተብሂልና ንኸውን ኢና። ገለ ካብ ዞባታት ተወኪሎም ዝመጹ ተወዳደርቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት ተመሃሮ፡ ምስ ኣስተርጎምቶም መጺኦም ክወዳደሩ ርኢና ኣሎና። እዚ ጽባሕ ንግሆ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም'ውን ኣስተርጓሚ ክድልዮም ምዃኑ ዝእምት ሓደ ቀሊል ኣብነትዩ። ምኽንያቱ ብርዱእን ቅቡልን ምኽንያት፥ ኣብ ኩሉ ሃገር ናይ ስራሕ መረዳድኢ ናይ ሓበር ቋንቋና ትግርኛ (ዓረብ) ስለዝኾነ።

ካልእ ጭቡጥ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝሰርሑ ኣባላት ንዝተፈላለየ ትሕዝቶታት - ዜና፡ መግለጺታት፡ ቃለ-መጠይቓት… ወዘተ ካብ ትግርኛ (ግእዝ) እናተርጎሙ ኢዮም ዝሰርሑ። ሕጂ ግን ትግርኛ ዘየንብቡ ክመጹ ጀሚሮም ኣለው። ከምቲ ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ፡ ኣደ መንበር ባይቶ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ዓሻ ማሕሙድ ዝበልቶ፡ "ንተማህሩ ግን ከኣ ማዘይማን"። ሱር ከይሰደደ ክብገኽር ዘለዎ ሕማምዩ።

ቋንቋታትና እናማዕበለ ይኺይድ ስለዘሎ፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝሕተም ዘሎ መጻሕፍቲ'ውን ብመንጽሩ እናሰሰነዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ ናይ ቋንቋ ብሊን ግን ብኣንጻሩ'ዩ ዘሎ። ቅድሚ ናጽነት ብውሑድ ቍጽሪ ዝጀመረ ምሕታም መጻሕፍቲ ብቋንቋ ብሊን፡ ድሕሪ ናጽነት ኣጸቢቑ ክምዕብልን ክስጉምን ትጽቢት ኩሉ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ንድሕሪት'ዩ ተመሊሱ። እዚ ድማ ብበዝሒ ኣብ መንጎ ናይ ግእዝን ላቲንን ፊደል ዝተፈጥረ ጋግ ዝሰዓቦ ጸገምዩ። እቶም ክጽሕፉ ዝኽእሉ፥ ንመን ኢና ክንጽሕፍ? በየናይ ፊደልከ ክንጽሕፍ ኣሎና? ብዝብሉ ሕቶታት ተዋጢሮም ይርከቡ። "ክንጽሕፍ፡ ቋንቋናን ባህልናን ከነማዕብል፡ ጸገምና ተፈሊጡ መሰረታዊ ፍታሕ ክናደየልና ኣሎም" ዝብል ሓባራዊ መረዳእታ ኣሎ።

እቶም ኣብ ታሕቲ ዘሎና፡ ንዝረአ ጸገማት ናብ ላዕለዎይ ኣካል ናይ ምትሕልላፍ ግዴታ ኣሎና። ብዓቢኡ ኩላትና ብማዕረ ብቋንቋና ክንመሃር፡ ባህልናን ቋንቋናን ክነማዕብል፡ ያታና ክንከላበሉ ብብ ዝርሓወልና ናይ ንዜእ ርእሰ መንግስቲ ዝጠቕመናን ዝሃድኣናን ገምጊምና ርእዩቶና ክቕርበሉ እንታይ የሰክፈና? ኣብ ጕዳይና ዋናታትን ተዋሳእትን እኮ ባዕልና ኢና። ግብእና እንተዘይፈጺምና፡ ሓላፍነትና እንተዘይተሰከምና ድማ ይሕጸር ይንዋሕ ወዓሉ ሓዲሩ ታሪኽ ከኣትየናዩ።

ፍታሕ ናይዚ ጸገምዚ፥ ኣብ ገለ ምናልባት ናይ ግእዝ ክፍለ ግዜ መዲብካ ብስርዓት ምምሃር ክኸውን ይኽእል። ኣብ ናይ ብሊን ግን እቲ ስርዓት ትምህርቲ ክንዲ ብላቲናዊ ፍደል ብናይ ግእዝ ፍደል እንተዝኸውን ምተመርጸ ዝብል፥ ኩሉ ሰብ ዝሰማማዓሉ ናይ ሓባር መረዳእታን ሓቅን'ዩ። ከምቲ ቅድም፡ ብትንሓግ ዝድመጽ ኣብ ግእዝ ናይ ዘይርከብ ድምጽታት ጸገም ኣሎ ክይንብል'ውን፥ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኑቲ ኣብ ግእዝ ዘየሎ ክልተ ፍደላት ናይ ብሊን ዘጠቓልል ሶፍትወር ናይ "ብሊን ግእዝ" ተዓልዩን ተዘርጊሑን'ሎ። ብሊን ብግእዝ ክትጽሕፎ የጸግምዩ ዝበሃል ሕጂ ግዜኡ ሓሊፉ ኢዩ። ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ እቶም ብግእዝ ዝጥቀሙ ብሄረ ትግርኛን ትግረን ዝኾነ፡ ብቍጽሪ እዝዩ ካብ ክልቲኡ ዝዋሓደ ብሄረ ብሊን፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ሃገር ማዕሪኦም ክዋሳእ እንተኾይኑ፥ ግእዝ የገድስዎ ጥራይ ዘይኮነ ግድን የድልዮዩ።

ንሕና ከም ህዝቢ ኤርትራ፥ ብንይኑት ብዙሓት ግን ከኣ ስጡማት ኢና። መልክዕና ኣብ ብዙሕነትና ሓይልና ድማ ኣብ ሓድነትናዩ። ስለዚ ሕብሪ ብዙሕነትና መለክዒ ሓድነትና ስለዝኾነ ንብዙሕነትና እናዓቀብና ሓድነትና ክንደልድል ይግባእ። ከም ህዝቢ ናይ ሓንቲ ወርቃዊ ታሪኽ እትውንን ሃገር፥ እናሓየልናን እናሰሰናን ክንከይድ እንተኾንና፡ ብዙሕነትናን ሓድነትናን እናተሓላለው ማዕረ ማዕረ ክስጉሙ ኣሎዎም። ኣብ መስርሕ እቲ ሓደ ኑቲ ካልኣይ ይሃሲ ከይህሉ እናገምገምና ንቅድሚት ክንከይድ ኣሎና። ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ማዕረ ስለዝኾና፡ ንምዕባሌእን'ውን ብማዕረ ክስርሓሉ፥ መንግስቲ ካብ ቅድሚ ናጽነት ንዝጀመሮ ስራሕ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ብዕቱብ ተተሓሒዝዎ ይርከብ። እዚ ድማ ንብዙሕነትናን ሓድነትናን ዘደልድል ሓደ ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቅድሚት ኢዩ። እዚ ይኹን እምበር፡ እንተውሓደ ሓደ ኩላትና ንመልከን ንዋሳእሉን መረዳድኢ ኣገባብ ክህልወና ናይ ግድንዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ብተነፃጺ ንእሽቶ ዝኾነት ሃገርና ኤርትራ፥ ብኹለን ቋንቋትና ክንሰርሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ ትግርኛን ዓረብን ብርዱእ ምኽንያታት ናይ ስራሕ ቋንቋታትና ኮይኖም ኣለው። ስለዚ ኣብዚ ዘሎናዮ መድርኽ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኣብ ኩሉ ክፍሊታት ክንዋሳእን ክንሓብርን እንተኾይንና ትግርኛ ከም'ኡ'ውን ዓረብ ክንጽሕፍን ክነንብብን ናይ ግድንዩ። እዚ ድማ ንሓድነትና ዘደልድል፡ ንብዙሕነትና ከኣ ዝየዳ ዘሰስንዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም መቐጸልታ ናይቲ ንቋንቋታትና ብቋንቋታት ንዝዋሃብ ዘሎ ትምህርትን ንምግምጋም ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ሃገርና ዝጀመሮ ስራሕ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት 2010፡ ኣብ ከተማ ከረን ንትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ብሊንን ትግረን ዝምልከት ኣኼባ ኣካይዱ ነይሩ። ብፍላይ እቲ ናይ ቋንቋ ኣደ ብሊን፡ ድሕሪ 12 ዓመት ንመጀመርያ ግዜዩ ዝካየድ ዘሎ። ደንጕዩ፡ ግን እንቋዕ ኣይተረፈ'ዩ ዝበሃል። ኣብቲ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ዝተገብረ ዋዕላ ዝቐረበ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ገምጋም፡ ኩነታት ኣብያተ ትምህርቲ ቋንቋ ብሊንን ተማህሮኣንን ብንጹር ቐሪቡ። ኣቕዲሙ ኣብዚ ጽሑፍዚ ከም ሳዕቤናት ናይ ላቲናዊ ፊደል ቀሪቡ ዘሎ ጸገማት ኩሉ፥ ኣብቲ ገምጋም ብሰፊሑ ቀሪቡ።

ኣብ ኩሉ መዳያት ስራሓትና፡ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ፡ ካብ ንእሽቶ ትካል ክሳብ ዓቢ ፋብሪካ፡ ካብ ምምሕዳር ዓዲ ክሳብ ምምሕዳር ዞባን ሃገርን፡ ሰሙናዊ ወርሓዊ መንፈቓዊ ዓመታዊ… ስራሕና ንገምግም ኢና። ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳራት፡ ማሕበራት፡ ትካላት… ወዘተ ኩለን ብቐጻሊ ስራሓተን ይግምግማ ኢየን። ኣብ መንግስታዊ ይኹን ውልቃዊ ስራሕ ኩሉ ሰበርሑ ይግምግም ኢዩ። ኣብ ናትካ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ናይ ካልኦት ዘሎካ ትዕዝብቲ ምግላጽ'ውን ዘሎን ዝሰበረን ኢዩ። ናይዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ጸገማት ላቲናዊ ፊደል ዘስተብሃሉ ግዱሳት ዜጋታት ድማ፡ ይጋጊ'ሞም ንክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብ ምሕታት ግን ዓዲ ኣይወዓሉን።

ኣብ መወዳእታ ደጊመ ደጋጊመ ክብርሆ ዝደሊ፥ እቲ መንቀሊ ሓሳብ ኑቲ ብቋንቋ ኣደ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣገዳሲ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ምቅዋም ከይመስል፡ ንኹሉ ርዱእ ምእንቲ ክኸውን፡ ፊደላት ላቲን ካብ ጥቕሙ ሃሲያኡ ይብዝሕ ስለዘሎ፡ እንተተኻእለ መምሃሪ ፊደላትና ግእዝ እንተዝኸውን፡ እንተዘይተኻእለ ድማ እንተውሓደ ከም ግዚያዊ ፍታሕ፡ ግእዝ (ትግርኛ) ከም ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ስርዓት ትምህርትና ብዕቱብ እንተዝዋሃብ ዝብልዩ እቲ መሰረታዊ ስጉምት።



